


## ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ

ኣብዚ እዋን እዚ ዋላ ሓደ ሰብ ኽግዕዝ ትጽቢት ኣይግበረሉን እዩ። ነቶም ብህጸጽ ክግዕዙ ዘየድልዮም ስድራቤታት ኣብ ዝቕጽል ሽዱሽተ ኣዋርሕ ምኽርን ደገፍን ንምሃብ ኣብ ኩሉ ቦታታት ክንበጽሖም ኢና። ብዘይካዚ ብዙሕ መመልከቲ ምትሕልላፍ ከም ዘሎ ንፈልጥ ኢና፣ ነቲ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ዘድልዮም ነገራት ምእንቲ ክንርዳእ ድማ ምስዞም ስድራ ቤታት እዚኣቶም ሓቢርና ክንሰርሕ ኢና።

**እቲ ዘገርም ከኣ ኣብ መሰላት ተኻረይቲ ወይ ክራይ ገዛ ለውጢ የለን።**

## ንነፍሲ ወከፍ ስድራ ቤት እተዓራረየ ኣቀራርባ

ክልተ ስድራ ቤታት ሓደ ዓይነት ከም ዘይኮኑ ንፈልጥ ኢና። ብዛዕባ ምግዓዝ እንሓስበሉ ግዜ ምስ ኣኽለ ተመክሮ ዘለዎም ጕጅለና ኽምዚ ዝስዕብ ክገብሩ እዮም፡-

- እኹል መጠንቀቕታን ሓበሬታን (እንተላይ ብቋንቋኹም) ምሃብ
- ንውልቀ-ሰባት ዘድልዮም ነገራትን ኩነታትን ምእንቲ ክርድኦም ጽን ኢልካ ምስማዕ
- ሓበሬታ፣ ደገፍ ከምኡውን ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ዘኽእል ኣማራጺታት ምሃብ
- እቲ መፍትሒታት ዝተፈላለየ ዓይነትን ባህልን ተኻረይቲ ኣብ ግምት ምእታው ምርግጋጽ

ሓድሽ ኣባይቲ ነቶም ተኻረይቲ ግቡእ ምኳኑ ንምርግጋጽ፣ ዝተፈላለየ ኣማራጺታት ኣባይቲ ኽውሃቦም እዩ። ብዙሓት ስድራ ቤታት ብሓባር ክነብሩ ኣብ ዝደልዩሉ ቦታታት ነዚ ንምድጋፍ ዝከኣለና ኽንገብር ኢና።

## ቀጻሊ ምክንኻንን ጽገናን

ኩሉ ምክንኻንን ጽገናን ከከም ኣድላዪ ኽንቅጽል ኢና። ህጹጽ ጽገና እንተ ደሊኻ በጃኻ ብ**13 11 72** ምስ ማእከል ደወል ኣባይቲ ተራኸብ ወይ ናብ፡- **housing.vic.gov.au/repairs** ብጻሕ

## እዋናዊ ሓበሬታ ርኸብ እሞ ተሳተፍ

ብዛዕባ ዳግም ሕንጸት እቲ ነዋሕቲ ፓላሶታት ዝያዳ ኽትፈልጥ እንተ ደሊኻ ነዚ ዝስዕብ ወብ ሳይትና ርአ ፡- **homes.vic.gov.au** ወይ ናብ፡- **enquiries@homes.vic.gov.au** ኢመይል ግበር

## ኣብ ከባቢኻ ዝግበር ምኽክር

ድምጽኻ ንመሰረታዊ ስርዓታት ማሕበረሰብ ለግስ፣ ነቲ ፕሮጀክት ኣብ ምምራሕ ድማ ሓግዝ። ኣብ ከባኺኻ እንታይ ዓይነት ናይ ምኽክር አጋጣሚታት ምህላዉ ንምፍላጥ ኣብ፡- **homes.vic.gov.au/high-rise-victoria** ብጻሕ

ብዛዕባ እቲ ፕሮጀክት ዝገልጽ እዋናዊ ሓበሬታን ካልእ ነገራትን ንምርካብ ኣብ **www.homes.vic.gov.au/sign-up-project-updates** ተመዝገብ

## ብቛንቋኻ ዝርከብ ሓበሬታ

ዝተተርጐመ ሕታም እዚ መተምባህታ እዚ እንተ ደሊኻ ነቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ QR ኮድ ስካን ግበሮ፡-

ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቐደን ዝተሓትመን ፣1 Treasury Place ሜልበርን።
© ግዝኣት ቪክቶርያ ሆምስ ቪክቶርያ (ኣመሓዳሪ ሃውሲንግ)፣ ጥቅምቲ 2023።
ብፊንስበሪ ግሪን ሜልበርን ቪክቶርያ ዝተሓትመ (HV017923)

Tigrinya | ትግርኛ

ናይ ነዋሕቲ ፓላሶታት ዳግም ሕንጸት

# ናይ ማሕበረሰብ እዋናዊ ሓበሬታ

ሕዳር 2023



## ምጅማር ፕሮጀክት ዳግም ህንጸት ነዋሕቲ ፓላሶታት

ነቶም ተኻረይቲና ዘመናውን ምቹውን ቀጻልነት ዘለዎን ኣባይቲ ንምብጻሕ 44 ነዋሕቲ ፓላሶታት ህዝባዊ ኣባይቲ ጡረታ ንኽንወጽእ ስጉምትታት ክንወስድ ጀሚርና ኣለና።

ካብታ መግለጺ እተነግረላ ሰሙን ኣትሒዝና ምስ ብ100ታት ዝኾኑ ሰራሕተኛታትን ተርጐምትን ኮይንና ንልዕሊ 5,000 ኣባይቲ ብምብጻሕን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቦታ ናይ ምስማዕ ጣቢያታት ብምድላውን ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ተኻረይቲ ኽንዘራረብን ክንሰምዕን ጸኒሕና ኢና።

እዚኣ ካብ ብዙሕ ዝርርብ እታ ቐዳመይቲ እያ፣ ቀዳምነት እንህቦ ኸኣ ድምጽኹም ምእንታን ነዚ ነባሪ ፕሮጀክት እዚ ኽመርሖ ብቐዳምነት ምስ ተኻረይቲ ምስራሕ እዩ።

ሓሙስ 26 ጥቅምትን ሰኑይ 30 ጥቅምትን ምስቶም ኣብ ኖርዝ ሜልበርን ፍለሚንግተንን ኣብ ነዋሕቲ ፓላሶታት ዝነበሩ ተኻረይቲ ናይ መጀመርታ ናይ ማሕበረሰብ አኼባ ጌርና።

እቲ ኣኼባ ብጽቡቕ ሰብ ዝተረኽበሉ ነበረ ዝተፈላለየ ሕቶታት ተኻረይቲ ንኽንሰምዕን ንኽንምልስን ከምኡውን ተኻረይቲ ኹነ ማሕበረሰብ ዘለዎም ሓሳባት ከምኡውን ርእይቶ ነዚ ኣገዳሲ ፕሮጀክት እዚ ንኽቐርጾ ዓብዪ ኣጋጣሚ ኸፊቱልና እዩ።



ኣብ መዓልቲ ምልክታ ምስ ተኻረይቲ ምዝርራብ

ንኹሎም እቶም ኣብ ነዋሕቲ ፓላሶታት ዝነብሩ ተኻረይቲ ኹነ ማሕበረሰብ ዝበለጸ ውጽኢት ኣባይቲ ኽነምጽኣሎም ቁሪጽና ኢና፣ ነቲ ፕሮግራም በብቑሩብ ክንዛዝም ከሎና ጽን ኢልና ኽንሰምዖምን ሓበሬታታትን እዋናዊ መረዳእታትን ክንህቦምን ኢና።



ሆምስ ቪክቶርያ ነቶም ደቂ ኣባትን ባህላዊ ሓለውቲ እታ እዚ መንበሪ እዚ ዝህነጸሉ ዘሎ መሬት ኣፍልጦ ንህብ። ነቶም ጥንቲ ዝነበሩን ሕጂ ዘለዉን ዝወጹ ዘለዉን ሽማግለታት ከኣ ነኽብሮም።

## ማሕበረሰብካ። ድምጽኻ።

ድምጺ ተኻረይቲ ብርታዐ እቲ ማሕበረሰብ ነዋሕቲ ፓላሶታት እዩ።

ኣብ ዝቕጽል ሰሙናት ብዛዕባ ኽምዚ ዝስዕብ ዝኣመሰለ ነገራት ዘርርብና ኽንቅጽል ኢና፦

- ምስ ማሕበረሰብን ሃገርን ዘሎ ርክብ ምዕቃብ፣
- ኣብ እዋን ምግዓዝ ንተኻረይቲ ዝኸውን ደገፍ ምሃብ፣
- ንንድፊ ሓደሽቲ ኣባይትን ኸባቢን ካልእ ቀዳምነት እትህቦ ነገራትን፣ ካልእ ነገራትን።

ዕላማኡ ኣቐዲምካ ተኻረይቲ ናብ ሓድሽ ኣባይቲ ኽምለሱ ዘኽእል መደብ ንምውጻእ ሓባራዊ ናይ ማሕበረሰብ ስርዓታት ምቛም ኢዩ።

ብእተኻእለና መጠን ብዙሕ ድምጺ ኽንሰምዕ ንደሊ ኢና፣ ከምኡውን ንማሕበረሰብ ዝድግፉ ውድባትን ኣቕረብቲ ኣገልግሎትን እውን ክንራኸብ ኢና። ኣብ መጀመርታ ናይታ እትቕጽል ዓመት ነቲ ዝሰማዕናዮ ኽነካፍሎን ነቲ መሰረታዊ ስርዓታት ንኹሉ ሰብ ከነቕርቦን ኢና።

ኣብ ከባቢኻ እንታይ ይግበር ከም ዘሎ ንምፍላጥ ኣብ **homes.vic.gov.au/high-rise-victoria** ብጻሕ

## ስለምንታይ ግዜኡ ኽም ዝኾነ

እቲ ነዋሕቲ ፓላሶታት ዳርጋ ን70 ዓመት እኳ ጸኒዑ ጠጠው እንተበለ፣ ኣብዚ እዋን እዚ ግና ናብ መወዳእታ ስርሑ ይቐርብ ኣሎ። እቲ 44 ነዋሕቲ ፓላሶታት ግዜኡ ዝሓለፎ መዐቀኒታት ናይ ምውሑቕ ምቹእነት፣ ቀዋሚነት፣ ናይ ድምጺ መከላኸሊ መሳርሒ፣ ምዝዋር ኣየር ከምኡውን ብቐሊሉ ዘይእቶ ኩይኑ ኢዩ ተሃኒጹ። ድሕሪ ገምጋም እቲ ፓላሶታት ንጽገና ዝበቅዕ ኩይኑ ኣይረኸብናን።


ናይ ሆልምስግለን ህዝባዊ ኣባይቲ ፋብሪካ፣ 1949፣ ሰእሊ - ላይል ፎውለር


ሳሎንን ሰገነትን - ሓደሽቲ ገዛውቲ ኣብ ጐደና ቪክቶርያ ፍለሚንግተን

## ዝሓሸ ኣባይቲ ምብጻሕ

ምስ ማሕበረሰብን ኣገልግሎታትን ኣጸቢቑ ዝተተሓሓዘ ዝሓሸ ኣባይቲ ነብጽሕ ኣሎና።

**ኩሉ ሓደሽቲ ኣባይቲ ኽምዚ ዝስዕብ ይህልዎ፦**

- ኩሉ ዝሓሸ ደረጃ ንድፊ ኣፓርታማ (All Better Apartment Design Standards)
- ደረጃ ብሩር ንድፊ መንበሪ ኣባይቲ ደረጃ
- እንተ ወሓደ 5% ማሕበራዊ ኣባይቲ ምሉእ ብምሉእ ምስ ሕጊ ምፍላይ ኣካል ጉድኣት ዘለዎ (Disability Discrimination Act (DDA)) ዝሰማማዕ ይኸውን
- ከም ሰገነት ወይ ኣጸድ ዝኣመሰለ ናይ ብሕቲ ኽፉት ቦታ
- 5 ኮኾብ ሓምለዋይ ኮኾብ ጸዓት ከምኡውን 7 ኮኾብ ናተርስ (Nathers) ማእኸለዋይ ነጥቢ
- ምሉእ ዓመት ምሾት ዘልዎን ሕሱር ዝኾነን ናይ መሞቒን መዝሓሊን ገዛ
- ነቲ ኽም ብሓድሽ ዝሕደስ ጸዓት ብዝሓሸ መገዲ ምጥቃም

ኣብዚ ጣቢያታት እዚ ቁጽሪ ማሕበራዊ ኣባይቲ እንተ ወሓደ ብ10 ሚእታዊ ንውስኽ ኣሎና።

## ቀዳማይ ግምቢ ዝርከበሉ ቦታታት

ብ2028 እንደገና እተዓረየ ናይ መጀመርታ ነዋሕቲ ፓላሶታት ቦታታት ነቲ ኣብዚ እዋን እዚ ባዶ ዝኾነ ነዋሕቲ ፓላሶታት ዘጠቓልል ኣብዞም ዝሰዕቡ ቦታትት ይርከብ፦

- 20 ጐደና ኤልጂን ካርልተን
- 141 ኒኮልሰን ስትሪት ካርልተን

ኣብ 2031 ናይ ካል ኦት ነዋሕቲ ፓላሶታት ዳግም ህንጻት እዚ ዝስዕብ የጠቓልል፦

- 120 ሬስኮርስ ሮድ ፍሌሚንግተን
- 12 ሆላንድ ኮርት ፍለሚንግተን
- 33 ኣልፍረድ ስትሪት ኖርዝ ሜልበርን






ኣብ ጐደና ቪክቶርያ ፍለሚንግተን ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ዘኽእል መማረጺታት ዝህብ ሓደሽቲ ኣባይቲ

## ናይ ማሕበረሰብ ምትእስሳር ክቕጽል ምግባር

ከም ክፍሊ ናይቲ ኣብ ኖርዝ ሜልበርንን ፍለሚንግተንን ዝርከብ ናይ ነዋሕቲ ፓላሶታት ቦታ ዳግም ህንጸት ንጥፈታት፣ ምስ ልዕሊ 400 ዝኾኑ ተኻረይቲ ብዛዕባ ምግዓዝ ገዛ ተዘራሪብና ኢና ኣብ ዝመጽእ ሰሙናት ከኣ ብዛዕባ እቲ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ዘድሊ ነገራት ንምምይያጥ ዳርጋ ማዕረ ቜጸራታት ሒዝና ኣሎና።

ብዛዕባ እቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝጅመር ኣብ ፍለሚንግተን ዘለዉ ሓደሽቲ ኣባይቲ ዑደት ንምፍላጥ ከምኡውን ኣብ ኖርዝ ሜልበርን ኣብ ዝቕጽል ዓመት ዝግበር ዑደት ንምፍላጥ ምሳን ተራኸብ።

ዘመናዊ ኣባይትን ዝተመሓየሸ ናይ ማሕበረሰብ መሳለጥያታትን ምህናጽ ማለት እዞም ማሕበረሰባት እዚኣቶም ብቐጻሊ ርክብ ከም ዝህልዎምን ከም ዝስስኑን ምግባር ማለት ኢዩ።